ኩነታት ሜዳ ክፈልጥ እደሊ ስለ ዝነበርኩ፡ ግዜ ኣብ ዝረኸበሉ እዋን ምስ ኣስመላሽ ወዲ ሓፍትን ኣቦ ዓፋንን የዕልል ነበርኩ። ወዲ ሓፍቲ ብዛዕባ'ቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ሜዳ ዘካየዶ ሰሚናራትን ብዛዕባ'ቲ ንኽትዕ ወሪዱ ዝነበረ ቅዋምን ከምዚ ክብል ኣዕሊሉኒ።

"እቲ ቅዋም ንኽትዕ ወሪዱ ኣብ ዝነበረሉ እዋን፡ ገለ ተጋደልቲ እቲ ኣብ ካልኣይ ውድባዊ ጉባኤ እንመርጾ ዋና ጸሓፊ ውድብ ንኹሉ ስልጣን ኣብ ትሕቲኡ ከእትዎ ይደሊ ኣሎ። ስለምንታይ ኩሉ'ቲ ስልጣን ናብ ዋና ጸሓፊ ይጥቕለል ኣሎ? ዳግማይ በካሳ ዲና ክንመርጽ?" ዝብል ሕቶ ኣቕሪቦም ከም ዝነበሩ ገሊጹለይ። በካሳ ናይ ማእከላይ ኣፍሪቃ መራሒ ዝነበረ ኰይኑ፡ ንኹሉ'ቲ ስልጣን ናይ'ታ ሃገር ንበይኑ ብሒቱ ሒዝዎ ከምዝነበረ እቲ መራሒ ብዝብል ስም ዝሕተም ዝነበረ ወግዓዊ ልሳን ናይ'ቲ ውድብ ብዝህበና ዝነበረ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ዝፈለጥናዮ ዲክታቶር ነበረ። እቲ ነቲ ክፍሊ ዜና ናይ'ቲ ውድብ ኣብ ትሕቲ ሙሉእ ቁጽጽሩ ኣእቲይዎ ዝነበረ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ንተጋደልቲ ንምድንጋር እቶም ኣብ'ቲ እዋንቲ ኣብ ኣፍሪቃ ዝገዝኡ ዝነበሩ ከም በካሳን ኢዲ ኣሚንን ዝኣምሰሉ ወልቀ መለኽትን ተግባራቶምን ኣብ ሙዱብ ናይ ፖለቲካዊ ትምህርቲ ከም ዝመጽእ ብምግባር፡ ኣብ ኤርትራ ከምኡ ዝኣምሰለ ውልቀ ምልኪ ከም ዘይትክል ንምርኣይን ንዕኡ ከም ዲሞክራሲያዊ ንኽንኣምኖ ንምግባር ዝተቐመሉ ዝነበረ ተንኰል ዝመልእ ስልቲ'ዩ ዝነበረ። እቲ ተንኰልን ክፍኣት ግብርን ናይ ኢሳያስ ከኣ ናይ ብሓቂ ሰራሒ'ዩ። መብዛሕትኡ ተጋዳላይ ናይ'ቲ ውድብ ኢሳያስ ከምዚ ዝኣምሰለ ውልቀ መለኺ ይኸውን'ዩ ዝብል እምነት ከም ዘይሓድሮ ገይርዎ እዩ። መብዛሕትኦም ኣብ'ቲ ውድብ ዝነበሩ ሓረስቶትን ሸቃሎን ብዛዕባ ዴሞክራሲ ይኹን ብዛዕባ ውልቀ ምልኪ ኣፍልጦ ኣይነበሮምን። መብዛሕትኦም ነቲ ዴሞክራሲ ከምኡ'ውን ውልቀ ምልኪ ዝብል ኣምር ንመጀመርታ ግዜ ኣብ'ቲ ውድብ ስለዝሰምዕዎ፡ ውልቀ ምልኪ ማለት በካሳ ወይ ኢዲ ኣሚን ዴሞክራሲ ማለት ከኣ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ማለት ከም ዝነበረ ገይሮም ይወስድዎ ነበሩ።

ብተወሳኺ ድማ፡ ኣብ'ቲ ዝመጽእ ጉባኤ ስለምንታይ እቲ ዋና ጸሓፊ ምክትል ዋና ጸሓፊ ክህልዎ ዘይተደለየ? እቲ ዋና ጸሓፊ እንተ ተሰውኣ'ኸ፡ ወይ እንተ ሓመመ'ኸ? እንታይ ክንገብር ኢና። ስለምንታይ መተካእታ ዘይግበረሉ ዝብሉ ሕቶታትን ርእይቶታትን ቀሪቦም ምንባሮ ሓቢሮምኒ ነይሮም።

ከምኡ'ውን ምብራቕ ሃይለ (መንቀርቀር) ነቲ ኢሳያስ ኣፈወርቂ ኣብ ግንባር ናቕፋ ዝገበሮ ሰሚናር ሰሚዓ ስለ ዝተገረመት፡ ንኢሳያስ፡



"ኢሳያስ እዚ ትብሎ ዘሎኻ ናይ ሓለፍትና ብልሽውና ድኣ ንሕና ኣጸቢቕና ንፈልጦ ኔርና እንዲና። እዚ ትነግረና ዘሎኻ ነገር ንዓና መዓስ ሓዲሽ ኰይኑ፤ ኩሉ ንርእዮን ንዕዘቦን ኔርና ኢና። ንሕናስ ንስኻ ስለ ዘይትፈልጦ ጥራይ መራሕትና ዝብዕልጉ ዝነበሩ መሲሉ ይርኣየና ነይሩ። ስለዚ ድማ ንስኻ ነዚ ናይ መራሕትና ብልሽውና ትፈልጦ እንተድኣ ኔርካ፡ ነቲ ጉዳይ ንኽትእርሞ እንታይ ስጉምቲ ወሲድካ ከም ዝነበርካ እንተ ትገልጸልና ጽቡቕ ነይሩ" ክትብል ሓቲታቶ ከም ዝነበረት ኣዕሊሎሙኒ።



ሰበይቲ ዮሴፍ ዳያን ዝነበረት ምብራቕ ሃይለ

ኢሳያስ ነቲ ናይ ምብራቕ ሕቶ ከም ድፍረት ገይሩ ስለ ዝወሰዶ፡ ብጣዕሚ ከም ዝሓረቐ ገሊጹለይ። "እንታይ ስጉምቲ ከም ዝወሰድኩ፡ ናብ'ቲ ጉባኤ ምስ መጻእኪ ክበርሃልኪ'ዩ" ኢሉ ንሕቶኣ ብሕርቃን ከም ዝመለሰላ ገሊጹለይ። ሕቶ ናይ ምብራቕ ንሽጣራታቱ ዘቃልዕ ስለ ዝነበረ ኣየሐጐሶን።

ምብራቕ ሰበይቲ ዮሴፍ ዳያን ዝነበረት እያ። ንነዊሕ ግዜ ኣብ ጋንታይ ስለዝነበረት ድማ ኣጸቢቐ እፈልጣ ነበርኩ። ዝተራእያ ነገር ትኽ ኢላ ክትዛረብ ድሕር ዘይትብል ነበረት። ካብ ተሳሒባ ንነዊሕ ግዜ ኣባል ናይ'ቲ ኣብ ከተማ ናቕፋ ዝነበረ ናይ መርሕነት ብርጌድ ቤት ጽሕፈት ኰይና ኣገልጊላ ስለ ዝነበረት ብልሽውና ናይ መራሕትና ብዓይና ክትርእዮን ክትዕዘቦን ዕድል ረኺባ ነበረት። ቅድሚ ኣነ ካብ ከቢድ ብረት ተሳሒበ ንወጻኢ ምኻደይ ምብራቕ ናብ ጋንትአ ተመሊሳ ስለ ዝነበረት፡ ናብ'ታ ምስጢራዊት ሰልፊ ከትኣቱ ሓጺ.ናያ ኔርና። ድሕሪ ቀሩብ ዓመታት ንጴጥሮስ ሰሎሙን ኣብ ሶማል ረኺበዮ፡ ብዛዕባ ዕላል ንዮሴፍ ዳያንን ንምብራቕን ስለ ዝዘከርናዮም፡

"ምብራቕ'ኸ ምብራቕ ከመይ ኣላ" ክብል ሓተትኩዎ።